

ብዘይ ድሌትኪ ክትምርዓዊ ዲኺ?
ኣብ ወጻኢ ሃገር ተሓዲግኪ ዲኺ?
ክምኡ ክየጋጥመኪ ፈሪሕኪ ዲኺ?



Landelijk Knooppunt
**HUWELIJKSDWANG EN ACHTERLATING**

# ኣብ ኔዘርላንድ ብዛዕባ ህይወትኪ ባዕልኺ ክትመርጺ ትኽእሊ ኢኺ።

ኣብ ወጻኢ ሃገር ብግዴታ ክትምርዓዊ ወይ ክትሕደጊ ምኺንኪ ሰጊእኪ ዲኺ? ነዚ ንምክልኻል እንታይ ክትገብሪ ከም ትኽእሊ ኣብዚ ታሕቲ ክተንብቢ ትኽእሊ ኢኺ። ከምኡ እውን ድሮ ተፈጺሙ እንተኾይኑ ድማ እንታይ ክትገብሪ ከም ትኽእሊ።

## ግዱድ መርዓ እንታይ እዩ?

ምምርዓው ኣብ ህይወትኪ ዓቢይ ስጉምቲ እዩ። ንመን ከም ትምርዓዊ ድማ ባዕልኺ ክትውስኒ ክትክእሊ ኣለኪ። ገለ መንእሰያትን መንእሰያት ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን መጻምድቶም ክመርጹ ናጻ ኣይኮኑን። ወለዲ ን/ወይ ስድራ-ቤት ሕጹይ ረኺቦም ነቲ ሰብ ክምርዓዉ የገድድዎ። ሓደ ሓደ ግዜ ብቓላት ጥራይ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ብምፍርራሕ፣ ብምጽላምን ብጎነጽን እውን። እዚ ግዱድ መርዓ ይበሃል፣ ከምኡ እውን ብሕጊ ዘቕጽዕ እዩ።



## ምሕዳግ እንታይ እዩ?

ንዕረፍቲ ወይ ንቤተሰብ ክትበጽሒ ናብ ወጻኢ ሃገር ከይድኪ ንበል፣ ሃንደበት ድማ ናብ ኔዘርላንድ ክትምለሲ ኣይፍቀደልኪን። ወይ ድማ ኣብ ኔዘርላንድ ኣብ ነፋሪት ከም እትስቀሊ ይግበር። ኣብ ኔዘርላንድ ዘለኺ ኩሎም ርክባት ድማ ንኽተቋርጽዮም የገድዱኺ። ወለዲ፣ ስድራ-ቤት ወይ መጻምድትኺ ኣብ ወጻኢ ሃገር፣ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ስድራ-ቤት ወይ ኣብ ጽኑዕ ኣሕዳሪ ቤት-ትምህርቲ ክትጸንሒ ዝሓሸ እዩ ኢሎም ይሓስቡ። ፓስፖርትኺ፣ መንበሪ ፍቓድኪ፣ ቴለፎንኪን ናይ ባንክ ካርድኺን የሕድጉኺ። ንኽትተሓባበሪ ድማ ብዙሕ ጸቕጢ ይግበረልኪ። እዚ ምሕዳግ ይበሃል። እዚ ዘቤታዊ ዓመጽ እዩ።

## ኣስተውዕሊ። ነቶም ምልክታት ኣብ ግዚኡ ኣለልይዮም

መብዛሕትኡ ግዜ ብግዴታ መርዓ ወይ ኣብ ወጻኢ ሃገር ንምሕዳግ ውጥን ይግበር ከምዘሎ ዘርእዩ ምልክታት ኣለዉ። ንኣብነት ወለድኺ፣ መጻምድትኺ ወይ ስድራ-ቤትኪ ሃንደበት ዝያዳ ጥብቂ ይኾኑ። ደጊም ዝተወሰኑ ነገራት ክትገብሪ ድማ ኣይፍቀደልኪን (ናብ ደገ ምውጻእ፣ ኣብ ደገ ምዝንጋዕ፣ ምስራሕ፣ ምስ መሓዙት ምውዓል) ካልእ ነገራት ድማ ክትገብሪ ኣለኪ (ኣብ ገዛኺ ምጽናሕ፣ 'ጽፉፍ' ክዳውንቲ ወይ መሸፈኒ ርእሲ ምኽዳን)።

ሓደ ሓደ ግዜ ኣብታ ስድራ-ቤት ሃንደበት ወጥሪ ወይ ጸገማት ይፍጠር። ሓደ ሓደ ግዜ ሃንደበት ንዕረፍቲ ወይ ናብ ወጻኢ ሃገር ክትበጽሒ ትግደዲ። ወይ ድማ ኣብ ወጻኢ ሃገር ንኽትሕደጊ ወይ ብግዴታ ንኽትምርዓዊ ስግኣት የጋጥመኪ። ንኽምዚኦም ዓይነት ምልክታት ድማ ብዕቱብ ክትርእይዮም ይግባእ። ገለ ነገር ይካየድ ከምዘሎ እንተድኣ ጠርጢርኪ ሓገዝ ሕተቲ።



## (ገና) ኣብ ኔዘርላንድ ምስ እትህልዊ እንታይ ክትገብሪ ትኽእሊ?

ውሕስነት » ስጉምቲ እንተድኣ ወሲድኪን ምስ ኣገልግሎት ህጹጽ ረድኤት እንተድኣ ተራኺብኪን፣ ካልእ ሰብ ከም ዘይሰምዖ ርግጸኛ ኣብ እትኾንሉ እዋን ግበርዮ። ንገዛእ-ርእስኺ ኣድላይ ንዘይኮነ ሓደጋታት ኣይተቓልዒ።

ብዛዕባኡ ተዘራረቢ » ምስ ናይ ቀረባ መሓዛኺ(ዓርክኺ) ወይ ምስ እትኣምንዮ ሰብ ተዘራረቢ፣ ከምኡ እውን እንታይ ከም ዘፍርሓኪ ንገሪ። እዚ ሓፈሻዊ ሓኪም፣ መምህር ወይ ምናልባት ኣሰልጣኒ ወይ ናይ ከባቢ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ እውን ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣስተውዕሊ፡ ህጹጽ ዝኾነ ከቢድ ሓደጋ ወይ ናይ ድሕነት ስግኣት ምስ ዘጋጥመኪ ኩሉ ግዜ ናብ 112 ደውሊ!

ከምኡ እውን ኩሉ ግዜ ናብ ወሃብቲ ህጹጽ ሓገዝ ናይ ቫይሊ ኽ ትሃውስ Veilig Thuis (0800 - 2000) ብስም-ኣልቦ ማለት ስምኪ ከይጠቐስኪ ክትድውሊ ወይም ብመንገዲ www.veiligthuis.nl ብቻት ክትዘራረቢ ትኽእሊ ኢኺ።

ከምኡ እውን ምስ ሰራሕተኛታት ናይ Fier ብመንገዲ chatmet.fier.nl ወይ ምስ ሰራሕተኛታት ናይ Sterk Huis ብመንገዲ www.sterkhuis.nl/contact ብምትእምማን ክትዘራረቢ ትኽእሊ ኢኺ።

ኣብ ኔዘርላንድ ጽንሒ » ኣብ ውሽጢ ኔዘርላንድ ንኽትጸንሒ ፈትኒ። ኣብ ሓደጋ ዘለኺ'ዩ ይመስለኪ? ስለዚ ቅድሚ ምብጋስኪ ኣብ ኔዘርላንድ ሓገዝ ሕተቲ።

ተመኪስኪ ንኽትመጽኢ ከም ዝከኣል ግበርዮ » እቲ ናብ ወጻኢ ሃገር ዝግበር ጉዕዞ ንኽተወግድዮ ዘይከኣል ድዩ? ኣብ ከምኡ ኩነታት፣ ደሓራይ ናብ ኔዘርላንድ ንኽትምለሲ ከም ዝከኣል ንምግባር፣ ኣብተን ቅድሚ ምብጋስኪ ዘለዋ ሳምንታት ስጉምትታት ውሰዲ።

- ቁጽሪ ተሌፎናት ናይ ተቕዋማት ሓገዝን ናይ ምስጢራዊ ኣማኻሪኽን ኣብ ሞባይልኪ መዝግብዮም። ተሌፎንኪ ኣብ እትውሰደሉ እዋን ንክኾነኪ፣ ነቶም ቁጽርታት ኣብ ክላውድ [cloud] ዓቕብዮም፣ ወይ ኣብ ወረቐት ጸሓፍዮም። ናብ ምስጢራዊ ናይ ኢ-መይል ኣድራሻ እውን ብኢ-መይል ክትልእክዮም ትኽእሊ ኢኺ።
- ወይ ካልኣይ ቴለፎን ወይ ብፍላይ ምስ ኔዘርላንድ ርክብ ንምግባር ዝሕግዘኪ እኹል ኣቀዲሙ-ዝተኸፍለ ካርድ ኣብ ሻንጣኺ ምሳኺ ተማልኢ። ነዚኦም ጽቡቕ ገይርኪ ሕብእዮም።
- ናይ ኔዘርላንድ ኤምባሲታት ኣድራሻን ዝርዝር መወከሲታትን ዝሓዘ ናይ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ReisApp ዳውንሎድ ግበርዮ።
- ናይ ፓስፖርትኺን መንበሪ ፍቓድኪን ቅዳሕ ወይ ስእሊ ግበሪ፣ ከምኡ እውን ናብ ገዛእ-ርእስኺ ብኢ-መይል ለኣኽዮ። ከምኡ እውን ሕትመት ማለት ፕሪንት ገይርኪ ምሳኺ ተማልእዮ። ስለዚ ፓስፖርትኺ ምስ ዝውሰደኪ፣ ገና ኩሉ ዝርዝር ሓበሬታታት ኣብ ኢድኪ ይህልወኪ። ድሕሪኡ እቲ ኤምባሲ ሓደስቲ ናይ ጉዕዞ ሰነዳት ዝያዳ ብዝቐልጠፈ ክዳልወልኪ ይኽእል።
- ካልኦት ዝርዝር ሓበሬታታት እውን ናብ ገዛእ-ርእስኺ ብኢ-መይል ለኣኺዮም፡ ኣድራሻታት፣ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ በረራ፣ ናይ ቀረባ እዋን ስእሊ ፓስፖርትን ቁጽሪ ኣገልግሎት ዜጋን (BSN)።
- ገለ ገንዘብ ምሳኺ ተማልኢ፣ ከምኡ እውን ጽቡቕ ገይርኪ ሕብእዮ።

ቅድሚ እቲ ጉዕዞ ምስ እትኣምንዮ ሰብ ተዘራረቢ። ብዛዕባ ዘለኺ ስክፍታታት ንገሪ፣ ከምኡ እውን ኩሉ ዝርዝር ናይቲ በረራ፣ መንበሪን ዝተወጠነ ናይ ምምላስ በረራን ሃብዮ። በኽምዚ መንገዲ ድማ ንሱ/ንሳ ጸሓራይ ናብ ኔዘርላንድ ዘተመለስኪ ምኽንኪን ዘይምኽንኪን ክ(ት)ቆጻጸር ይኽእል። ከምኡ እውን አንተድኣ ዘይተመሊስኪ እንታይ ክግበር ከም ዘለዎ ተሰማምዑ። ምስ ሃገራዊ ማእከል ግዱድ መርዓን ምሕዳግን (Landelijk Knooppunt Huwelijksdwang en Achterlating - LKHA) ርክብ ምግባር ዝኣመሰሉ።

LKHA ኣብ ወጻኢ ሃገር አንተድኣ ንኽትምርዓዊ ተገዲድኪ ወይ ተሓዲግኪ፣ ኣብ ኔዘርላንድ ዝርከብ ሓገዝ ዝህብ ማእከላይ ተቕዋም እዩ። አቶም ወሃብቲ ሓገዝ ብዙሕ ተመኩሮ ዘለዎም ክኢላታት ሰብ - ሞያ እዮም።



ግዳያት ትፈልጡ'  ዶ? ግዳይ ግዱድ መርዓ ወይ ምሕዳግ ክኸውን ዝኽእል ኣባል ስድራ - ቤት፣ መሓዛ/ዓርኪ ወይ መቕርብ ትፈልጡ ዲኹም? ስለዚ ሓገዝ ንምርካብ ምስ LKHA ርክብ ግበሩ።

## ኣብ ወጻኢ ሃገር ምስ አትህልዊ እንታይ ክትገብሪ ትኽእሊ?

### ልዕሊ ኹሉ ውሕስነት

ንውሕስነትኪ ልዑል ኣተኩሮ ግበሪ፣ ከምኡ እውን ዝኾነ ሰብ ከም ዘይሰምዓኪ ርግጸኛ ኣብ አትኾንሉ ግዜ ጥራይ ምስ ኤምባሲ ወይ ኣብ ኔዘርላንድ ምስ ዝርከቡ ወሃብቲ ህጹጽ ሓገዝ ርክብ ግበሪ። ንገዛእ - ርእስኺ ኣድካይ ንዘይኮነ ሓደጋታት ኣይተቓልዒ።

### ኤምባሲ ኔዘርላንድ

ኣብታ ክትጸንሕላ ዝተገደድክላ ሃገር ምስ ዝርከብ ኤምባሲ ኔዘርላንድ ርክብ ግበሪ። ኣብ መርበብ - ሓበሬታ www.nederlandwereldwijd.nl ስም እታ ሃገር ብምጽሓፍ ምስ ኤምባሲ ወይ ቆንስል ርክብ ክትገብሪ ትኽእሊ ኢኺ።

ዝርዝር መወከሲ ናይ ኩለን ኤምባሲታት ኔዘርላንድ ኣብ ReisApp እውን ንምርካቡ ይከኣል እዩ። ነዚ ካብ ኣፕል ኣፕ ስቶር [App Store - Apple] ወይ ካብ ጉግል ፕለይ ስቶር [Google Play Store] ዳውንሎድ ክትገብርዮ ትኽእሊ ኢኺ።

ምስቲ ኤምባሲ ርክብ ኣብ አትገብርሉ አዋን፣ ኩሉ ግዜ እንታይ ይኸውን ከም ዘሎን ግዱድ መርዓ ወይ ኣብ ወጻኢ ሃገር ምሕዳግ ከም ዘጋጠመኪን ብንጹር ግለጺ። ሸዕኡ ቅኑዕ ሓገዝ ክትረኽቢ ኢኺ። ቆጸራ ንምሓዝ ኩሉ ግዜ መጀመርታ ደውሊ ወይ ኢ - መይል ስደዲ። ስለዚ ድማ እቲ ኤምባሲ ክፉት ምኽኑ ርግጸኛ ክትኮኒ ትኽእሊ።



ነቲ ኤምባሲ ክትረኽብዮ ኣይከኣልክን፣ ወይ ኣብ ምሸት ወይ ኣብ ቀዳመ - ሰንበት ክትድውሊ ዲኺ አትመርጺ? ስለዚ አዚ ዝስዕብ ናይ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ናይ 24/7 ቁጽሪ ተጠቐሚ፡ +31 247 247 247።

ወይ ድማ 24/7 ናይ WhatsApp ቁጽሪ፡ +31 682 837 796። ኣስተውዕሊ፡ በዚ ቁጽሪ ክትድውሊ ወይ መልእኽቲ ክትጽሕፊ ኣይትኽእሊን ኢኺ። ኣብታ ዘለኽያ ሃገር ኤምባሲ የለን ድዩ? ስለዚ ናይ 24/7 ቁጽሪ ተጠቒምኪ ርክብ ግበሪ።

### ሰራሕተኛታት ረድኤት ኣብ ኔዘርላንድ

ብተወሳኺ ሰራሕተኛታት ህጹጽ ረድኤት ናይ LKHA ብቐጥታ ክትረኽብዮም ትኽእሊ ኢኺ፡ +31 70 345 43 19 ወይ LKHA@veiligthuishaaglanden.nl።

### ኤምባሲ እንታይ ይገብር?

እቲ ኤምባሲ መጀመርታ ናይ ኔዘርላንድ ዜግነት ወይ ሕጋዊ መንበሪ ኩነት ዘለኪ ምኻኑን ዘይምኻኑን ይምርምር። ሸዕኡ ጥራይ እዩ እቲ ኤምባሲ ግዱድ መርዓ ወይ ኣብ ወጻኢ ሃገር ምሕዳግ ብዝምልከት ናብ LHKA ክሕብር ዝኽእል። ብዘይ ፍቓድኪ ድማ ዝኾነ ነገር ኣይግበርን እዩ። እቲ ጉዳይ ብኸመይ ከም ዝቕጽል ኣብቲ ኩነታት እዩ ዝምርኮስ። ንኣብነት እቲ ኤምባሲ ግዝያዊ መጽለሊ ንኽረክበን፣ ከምኡ እውን ናብ ኔዘርላንድ ንምምላስ ሓደስቲ ናይ መገሻ ሰነዳት ንምድላውን ክፍትን ይኽእል።

### LKHA ሓበሬታ ድሕሪ ምቕባሉ እንታይ ይገብር?

ሓደ ናይ LKHA ሰራሕተኛ ህጹጽ ረድኤት ምሳኺ ርክብ ይገብር። ብልክዕ እንታይ ከም ዘጋጠመ ድማ ይምርምር። ንኽትምርዓዊ አንተድኣ ተገዲድኪ ወይ ኣብ ወጻኢ ሃገር አንተድኣ ተሓዲግኪ፣ LKHA ምስ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ብሓባር ብምኻን ናብ ኔዘርላንድ ንኽትምለሲ ክሕግዘኪ እዩ።

ነፍስወከፍ ኩነታት ይፈላለይ እዩ። ስለዚ እቲ ዝበለጸን ውሑስን ናይ ምምላስ ውጥን ኣየናይ ምኻኑ ብጥንቃቐ ክምርመር ኣለዎ። ኣብ አትገብርዮ ነገር ጥንቃቐ ይሃልኺ፣ ከምኡ እውን ስቕ ኢልኪ ኣይትኹዲ። አዚ ንነገራት ዝያዳ ኣጸጋሚ ከም ዝኸውን ክገብር ይኽእል እዩ። LKHA ከምኡ እውን ኤምባሲ፣ ንኣተሓሕዛ ኣብ ወጻኢ ሃገር ምሕዳግን ግዱድ መርዓን ብዝምልከት ተመኩሮ ኣለዎም። መምሪሒታቶም ምኽታል ድማ ዝበለጸ እዩ።

### ድሕሪ ምምላስ

ብሓገዝ ናይ LKHA ናብ ኔዘርላንድ ኣንተድኣ ተመሊስኪ፣ LKHA ግዝያዊ መዕቆቢ ከም አትረኽቢ ክገብር እዩ። ብድሕሪ አዚ፣ LKHA ነቲ ክንክን ናብቶም ኣብቲ ሓድሽ መንበሪ ቦታኺ ዝርከቡ ወሃብቲ ሓገዝ የመሓላልፎ። ይኹን አምበር፣ እቲ ስግኣት ብርግጽ ዘብቅዐ ምኻኑን ዘይምኻኑን፣ ከምኡ እውን ዘድልየኪ ሓገዝ ዝረኸብኪ ምኻንኪን ዘይምኻንኪን ንምፍላጥ ንተወሳኺ ዓመትን ፈረቓን ምክትታል ክገብር እዩ።

### LKHA : ሓገዝን ምኽርን ካብ ክኢላታት ሰብ - ሞያ

ሃገራዊ ማእከል ግዱድ መርዓን ምሕዳግን (Landelijk Knooppunt Huwelijksdwang en Achterlating - LKHA) ኣብ ኔዘርላንድ ግዱድ መርዓ ን/ወይ ኣብ ወጻኢ ሃገር ምሕዳግ ንምክልኻል ዝሕግዝ ማእከላይ ተቕዋም እዩ። አቶም ወሃብቲ ሓገዝ ብዙሕ ተመኩሮ ዘለዎም ክኢላታት ሰብ - ሞያ እዮም። ብዘይ ድሌትኪ ኣብ ወጻኢ አንተድኣ ኣለኺ ኮይንኪ፣ LKHA ንመምላስኪ ንምውዳብ ክሕግዘኪ እዩ።

### ኣብ ኔዘርላንድ ናይ ምንባር መሰል

ናይ ኔዘርላንድ ዜግነት ወይ ሕጋዊ መንበሪ ኩነት ምስ ዝህልወኪ፣ LKHA ናብ ኔዘርላንድ ንኽትምለሲ ክሕግዘኪ ይኽእል እዩ። ዋላ ኣብ መጻምድቲ ዝምርኮስ መንበሪ ፍቓድ አንተድኣ ዘለኪ ኮይንኪ እውን ናብ ኤምባሲ ወይ ናብ LKHA ክትሕብሪ ትኽእሊ ኢኺ። ኣብ ወጻኢ ሃገር ምሕዳግ ከም ዘጋጠመኪ ንምንጋር ድማ ኣይትፍርሒ። መንበሪ ፍቓድኪ ስቕ ኢልካ ብቐሊሉ ተሳሒቡ ኣይስረዝን እዩ። ናብ ኔዘርላንድ ምስ ተመሊስኪ ድማ ብድሕሪኡ ናይ ገዛእ - ርእስኺ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ከተመልክቲ ትኽእሊ ኢኺ፣ ከምኡ እውን ኣብቲ ኩነታት ዝምርኮስ ነዚ ንምርካብ ብቕዕቲ ክትኮኒ ትኽእሊ ኢኺ።

### ሓገዝ ኣብ ኔዘርላንድ

- ቫይሊኽ ትሃውስ [Veilig Thuis]፡ 0800 2000
- ኣብ ህጹጽ ኩነታት (ኣብ ውሽጢ ኔዘርላንድ)፡ 112

### ሓገዝ ኣብ ወጻኢ ሃገር

- ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ 24/7 (ብምድዋል)፡  +31 247 247 247
- ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ 24/7 (ብኣፕ [app])፡  +316 8283 7796
- ሃገራዊ ማእከል ግዱድ መርዓን ምሕዳግን [Landelijk Knooppunt Huwelijksdwang en Achterlating]: +31 70 345 43 19

